# ኣክሰስ ሜንታል ሄልዝ (Access Mental Health) 1800 332 388

## ምስ “ላይፍላይን (Lifeline)” ታዝማንያ” ብምትሕብባር

### እዚ ኣገልግሎት ንመን እዩ?

ኣገልግሎት ኣክሰስ ሜንታል ሄልዝ (Access Mental Health) ንዝኾነ ይኹን ኣብ ዝኾነ ይኹን ዕድመ ዝርከብ እሞ ከም ዝስዕብ ዝኾነ ወይ ነዚ ንዝፈልጦ ሰብ እዩ

- ኣብ ኵነተ-ኣእምሮኡ ንጹር ለውጢ ዘርኢ
- ሕንፍሽፍሽ ዝበለ ጠባይ ዘርኢ
- ዘየሎ ነገራት ምርኣይ/ምስማዕ
- ጭኑቕ/ዝተሻቐለን ፈራሕን
- ርእሰ-ቕትለታዊ ርእይቶታትን ሓሳባትን ዝገልጽ

### ብኸመይ ኢኻ ኽትረኽቦ እትኽእል ?

ኣብ ታዝማንያ ዝርከብ ዝኾነ ይኹን ሰብ ብቐጥታን ብናጻን ናብ ኣክሰስ ሜንታል ሄልዝ (Access Mental Health) ብ**1800 332 388** ክድውል ይኽእል እዩ ።

### ብኸመይ እዩ ዝሰርሕ?

ንማሕበረሰብ ታዝማንያ ንምድጋፍን ስርዓት ኣእምሮኣዊ ጥዕና ታዝማንያ ብቐሊሉ ዝርከብ ንምግባርን ኣክሰስ ሜንታል ሄልዝ (Access Mental Health) ኣብ ሰሙን 7 መዓልቲ፣ ኣብ መዓልቲ 24 ሰዓት ይሰርሕ።

### ኣብዚ ጉዳይ እዚ እቱዋት ዝኾኑ እንመን እዮም ?

ኣክሰስ ሜንታል ሄልዝ (Access Mental Health) ምስ ላይፍላይን (Lifeline) ታዝማንያ ብምትሕብባር ብኽፍሊ ጥዕና ታዝማኒያ እዩ ዝትግበር። ዕሉማትን ምኩራትን ሰብ ሞያ ኣእምሮኣዊ ጥዕና እዮም ዘንቀሳቕስዎ።

### እንታይ ዓይነት ሓገዝ ኢኻ እትረክብ?

✓ ብተሌፎን ዝግበር ቅልጡፍ ደገፍ
✓ ብዛዕባ ስርዓት ኣእምሮኣዊ ጥዕና ታዝማንያ ዝገልጽ ሓበሬታ
✓ ኣድላዪ እንተ ኾይኑ ናብ ህዝባዊ ኣገልግሎት ኣእምሮኣዊ ጥዕና ምምሕልላፍ (ሪፈራል ናይ ምግባር) ሓገዝ

**ንዓኻ ወይ ንዝኾነ ይኹን ሰብ ግዜ ዘይህብ ሓደጋ እንተ ገጢሙ ፈለማ ብ 000 ናብ ህጹጽ ኣገልግሎት ደውል።**

ክፍሊ **ጥዕና**

Tasmanian Government